## መንእሰይ ህ..ግ.ደ.ፍ. በዓል ሕድሪ።

ሳላ ኩሉኹም ጸኒዖም ዝኾንኩም ሓደ፡
ካብ ርሑቕ ይኹን ቀረበ ንዘተሃንደደ ፡
ከም ስልኪ ትዓጽፍዎ ተመዘኩም ጉራደ።

ጫውጫውታ ንዘብዝሕ ሃራም ዳንከራ፡
ኣብ ማእከል ጽርግያ እንተተኸለ ኳይላ፡
ጸወትኡ ጠላዕ ውጺኢቱ ጃላ።

ትልሚ ሃርበኛታት ሰረቱ ከውሒ፡
ኣብ መንእሰይ ህግደፍ ኣይተፈጥረን ፍርሂ፡
ብተግባር ትበታትኑ ነቶም በዓል እከይ ሽርሒ።

ዓቕሊ ዝወረስኩም ካብ ኣቦታትኩም፡
እዱብ ስነ ስርዓት ዝሕላገትኩም።
ብብልሒ ትበታትኑ ንወዮም ዓንቀፍቱኹም።

ሽደኒት ሓብትኹም ለባም ውላድ'ታ ዋዕሮ፡
ቶንኮላት ጸላእታ ከም ስጋ ትመታትሮ፡
እርዳኣኩም ትብሎም ንበዓል ዝሮሙሮ።

በላሕ መስተውዓሊት ብፍጥረታ፡
ማይን ጸባን ኮይና ትምክት ምስ ኣሕዋታ፡
ኩርዓት ሃገራ ሪማ ትከላኸል ከም እኖታታ።

ኣየናይ መንእሰዩ ከምዚ ናትኩም ዝተሰደ፡
ታሪኽ ኣያታቱ ዝዕቅብ ከይከሓደ፡
ሃገረይ ዝብል ወዱ ጓሉ ዘዝተወልደ።

ዕርድኹም ኣብ ኩሉ ማንም ዘይደፍሮ፡
ተሃኒጹ ዝደልደለ ካብ ተሞኩሮ፡
መን እዩ ዝሓስብ ክፍርሶ ክቡንቁሮ።

መንእሰይ ህግደፍ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ዲያስፖራ፡
ካላሽንካ ብርዒ ምስ ዝናራ፡
መድፍዕካ ላፕቶፕ ዝኾነ ዘይክእላ፡
ኣምባሁቖም ተሪፎም በዓል ሽላ ምላ።

በዓል ጽንቁቓት ሕልና ፈቲኖም ከፍሩሱ፡
ብየምን ብጸጋም ዋላ እንተተኾሱ፡
ተኸብኪቦም ኩዱ ኣብ ካርሾሊ ከዕርፉ፡
እሱዩ ውጺኢቱ ናይቶም ዝጠፈሹ።

ታሪኽ ሰሪሕኩም ኣብ ማእከል ሆላንድ፡
ከይሰተኻ ከይበላዕካ ዘጽግባ ንኸብዲ፡
ደስ እበልኩም ደስ ኢሉና ኩልና ወለዲ፡
ንዓኹም ወሲኻ እንታይ ከትኸውን እዛ ዓዲ።

ዘይሃስስ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና፡
ሞጎስ ንምክልኻል ሓይልታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ።
ገብረንጉስ መስመር።

ራኣይና ብሩህ ከም ጸሓይ ቀትሪ፡